ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ንናይ ከተማ ኣብያት ፅሕፈት ኣገልግሎት ዝውዕል ምድብ 1 መሳርሒ ፅሕፈት ምድብ 2 ኣቁሑት ፅሬት ምድብ 3 ሕትመት ምድብ 4 መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና ካብ ናይ ስሩዕ በጀት ብግልፂ ጨረታ ክዕድግ ስለዝደለየ ቀፂሎም ዝተዘርዘሩ መዐቀነታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንኽትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መስከረም 8, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 23, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ዓዲግራት
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 23, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

- 1.ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝኸፈልኩምን በቲ ዘፈር ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ቅዳሕን ዋንኡን ሒዝኩም እትመፁ
- 2.ናይ ነጋዳይ መለለይ ቁፅሪ
- 3.ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ቅዳሕ ምስ ዋንኡ ክተቅርቡ እትኽእሉ
- 4.ንተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምሉ መራዳእታ ናይ ወርሒ ሓምለ ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ቀዳሕ ምሰ ዋንኡ ክተቅርቡ እትኽእሉ
- 5.ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ አዚ ምልክታ ጨረታ ካብ ዝተጋወሐሉ 7 መስከረም 2011 ዓ/ም ጀሚረኩመ ክሰብ 22/01/2011 ዓ/ም ሰዓት 11.30 ንነብሲ ወከፍ ዘይምለሰ 50.00 ቅርሺ እናኸፈልኩም ካበ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስ ዐዲግራት ምውሳድ ትኽእሉ።
- 6.ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ መኽበሪ ጨረታ ንመሳርሒ ኣቁሑት15000.00 ሽሕ ቅርሺ ፣ንኣቁሑት ፅሬት 6000.00 .ሽሕ ቅርሺ፣ ንመሳርሒ ሕትመት 4000.00 ሽሕ ቅርሺ፣ንመለዋወጢ ኣቁሑት መኪና 15000.00 ሽሕ ቅርሺ ባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይድማ ጥረ ገንዘብ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ክተድሕዙ ይግባእ።
- 7.ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ዝርከብ ኮይኑ እቲ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ እዋን ጀሚሩ ንተጫረቲ ክፍቲ ይኸውን።
- 8.ሳንዱቅ ጨረታ 23/01/2011 ሰዓት 4.00 ተዓሺጉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ሰዐት 4.30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከተማ ዓዲግራት ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት
- 9.እቲ ዝምላእ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ ኣይገባእን ስርዝ ድልዝ እንተሃሊዩዎ ግና ፊርማ በዓል ዋና ክዓርፎ ይግባእ።
- 10.ብተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝጋበቲ እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝሓወሰ ክኸውን ይግባእ።
- 11.ኣብቲ ዝተመልኣ ዋጋ ብዛዕባ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዘይተገለፀ እንተኾይኑ እቲ ዝተመልኣ ዋጋ ምስ ተወሳኺ እሴት ታክስ ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር።
- 12. ኣብ ነብሲወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ ማሕተምን ፊርማን ናይቲ ትካል ክግበረሉ ይግባእ።
- 13.ቤት ፅሕፈትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።
- ንዝበለፀ ሓበሬታ ብኣካል ናብ ቤት ፅሕፈትና ብምምፃእ ወይድማ በቁፅሪ ስልኪ
- 0344-450282 0344-452276 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle